## ግደ ሰሚናራትን ኣብ ምንሃር ቃልስና

ቤት ጽሕፈት ዜና
ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
28.02.2006

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ዘካይዶ ዘሎ መኸተ፡ ኣካል ናይ ህዝብን፡ ንህዝቢ ዘገድሱ ጕዳያት ዝውክልን ትካልን ከም ምዃኑ መጠን፤ ንሓያል ድሌት ህዝብና ኣብ ህንጸት ሃገር ብምግንዛብ፡ ኵሉ ኤርትራዊ ክነብረላ ዝኽእል ዓውዲ ንምግባራ ቆሪጹ ተበጊሱ ኣሎ። ፕሮግራማትን ኣርእስታትን ኣስማትን ንበይኑ ብዘይ ድፍኢትን ብዘይ ግብራዊ ፍጻሜታት ዘፍርዮ ቍም-ነገር ከምዘየለ ርዱእ'ዩ። ስለ'ዚ ድማ'ዩ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝሰፍሐ ክፋል ናይ ንጥፈታቱ ንህዝቢ ንምሕያልን ብህዝቢ ኣቢሉ ከኣ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ተሓቢእሉ ንዝጸንሐ በዓትን፤ ንሰረታት ናይ ቅንጸላ ትካላቱን ስልጣኑን ንምፍራስ ተበጊሱ ዘሎ። ካብ'ዚ ኣረዳድኣ'ዚ ብምንቃል ኢዩ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ዝሕንጽጾን ዝፍጽሞን መደብ ዕዮ ንህዝቢ ቀዳምነት ዝህብ።

ስለዚ'ዩ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኣብ እተመስረተሉ እዋን፡ ህዝብና ብብዝሒ ኣብ ዝርከበሉ ቦታታት ብምንቅስቓስ፡ ንሓቀኛ ዕላማታት ኪዳን ንምብራህ ብሓደ ሸነኽ፤ ነቲ ግዲኡ ኣብ ህንጸት ሃገርን ለውጥን በቲ ስርዓት እተዘንግዐ ወይ ሸለል እተባህለ ህዝቢ ኤርትራ ሓደ ኢድ ኰይኑ ኣብ ጐድኒ ኪዳን ደው ንኽብልን ክጥርንፍን በቲ ካልእ ሸነኽ፡ ኣበርቲዑ እተንቀሳቐሰ። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ህዝቢ ናብ ሃገሩ ክምለስን፤ ውሑስነት ህይወቱን ንብረቱን ዘረጋግጸሉ ፍትሓዊ ስርዓት ኣብ ምትካል ዘለዎ ጽኑዕ ድልየትን፡ ኣብ መቕድም ናይ መደብ ዕዮኡ ሰሪዑ ኢዩ ክቃለሰሉ ወሲኑ። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንዲክታቶርያዊ ሰልፊ ህግዲፍ ንምምካት ዝወሰዶ ቀዳማይ ስጕምቲ፡ ምልክት ናይ ጥዕና ምዃኑ እተገንዘበ ህዝብና ድማ፡ ነቲ ኪዳን ዝወሰዶ ስጕምቲ፡ ዝግብኦ ክብርን መጕስን ብምሃብ፡ ኪዳን ንዘሰከሞ ሓላፍነት ክስከምን ግቡኡ ክፍጽምን ድልውነቱ ኣርኣየ። ስለ'ዚ፡ ኣብ መንጎ ህዝብን ኪዳንን ምርድዳእ ክህሉ ባህርያዊ ዝኾነ። ምኽንያቱ ድማ፡ ክልቲኦም ሸነኻት ዝጋደልሉ ዘለዉ ዕላማ ሓደ ስለዝኾነ ኢዩ። ኪዳን፡ ነቲ ድሌት ናይ ህዝብና ኣብ ምውዳቕ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ግምት ብምእታው መደባቱ ይሰርዕ። ህዝቢ ድማ፡ ኣብ ትሕቲ መሪሕነት ኪዳን ኰይኑ ነቲ ሃገራዊ መደብ ዕዮ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ይቃለስ። እዚ ናይ ሕድሕድ ተገዳስነት'ዚ፡ ክልቲኡ ሸነኻት፡ ነቲ ኣብ መንጎኡ ዘሎ ዝምድና ብጥንቃቐ ንክሕልዎ ዝድርኽ ሃለዋት ፈጢሩ። ስለ'ዚ፡ ኪዳን ኣብ ንህዝቢ ዘገድሱ ጕዳያት ከተርኵርን፤ ካብ'ዚ ተበጊሱ፡ ፕሮግራምን ርእይቶን ኪዳን ብግቡእ መታን ክርዳእን፡ ነቲ ተመኵሮ ኣብ ምምዛንን፡ መሰረታዊ መለለይታት ናይ'ቲ መድረኽ ዝጠልቦ መደብ ዕዮ ኣብ ምንጻርን ግዲኡ መታን ክጻወትን፤ ህዝቢ ብብዝሒ ኣብ ዝርከበሉ እንተላይ ኣብ ሱዳን ዝርከብ መደበራት ስደተኛታት ሰሚናራትን ሰፊሕ ናይ ህዝቢ ኣኼባታትን ምክያድ ፍሉይ ተገዳስነትን ፍሉይ ትኹረትን ክህቦ ይርአ ኣሎ።

ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ምስ ህዝቢ ዝግበር ዘሎ ቀጻሊ ሰሚናራትን ርኽክባትን ነቲ ኣብ መንጎ እቲ ሞተር ናይ ምንቅስቓስን፡ ጽኑዕ መሰረትን ዝኾነ ህዝብን ብሓደ ሸነኽ፤ ኣብ መንጎ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ፈጻሚ ቤት ጽሕፈቱን ዘሎ ምውቕን ተማላላእን

ዝምድናታትን ብኻልእ ሸነኽ፡ ብምድልዳልን ሓድሽ ህይወት ብምስኳዕን፡ ኑቲ ኣብ ኣስመራ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣውዲቕካ፡ ብናይ ወድሰብ ክብርን መሰልን ዝሕለቕ ቅዋማዊ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካእ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ዘሕንን ኢዩ። ካብ'ዚ ብምብጋስ፡ ብመጠን እቲ ኪዳን ኣብ ፖለቲካውን ውድባውን መዳይ ንዝተኸስቱ ሓደስቲ ምዕባለታት ንመሰረታቱ ከጨብጥን፤ ኣብ መጻኢ ንዝግሃዱ ምዕባላታት ንመሰረታቱ ኣብ ምድላዉን ከካይዶ ዝጸንሐ ወፈራ፡ ውድቀት ናይ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ብማዕሪኡ ይቀላጠፍ ኣሎ ክንብል ንኽእል። ብመሰረት ፕሮግራም ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ውድቀት እቲ ስርዓት ግድንን ኣድላዪን ስለዝኾነ፣ ብኡ መጠን ድማ ናይ ህዝቢ እምነት ኣብ'ቲ ንኤርትራዊ ዜጋ፡ ዓቢ ክብሪ ዝህብን ከም መሰረታዊ ናይ ለውጢ መሳርሒ ዝርእን መደብ ዕዮ ኪዳን፡ እናዛየደን እናዓበየን ክኸይድ ግድን ኢዩ።

ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ንቑሕ ምትሕብባር ኣብ መንጎ'ቲ ንኹሉ ዓቕምታት ህዝብና ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምጽማድን ሃገር ንምህናጽን ከም ሃገራዊ ጽላል መጠን ዝቃለስ ዘሎ ኪዳንን፤ ንትጽቢታቱን ድሌታቱን እሙን ዝኾነ ጽላል ንምርካብ ሃረር ዝብልን ብናጽነት ብክብርን ክነብር ዝደሊ ህዝብን ብሓደ ሸነኽ፤ ንምንጣፍ ዘኽእልን ንተወፋይነትን ለውጥን ዘረጋግጽን መሳርሒ ናይ ቃልሲ ንምውናን ፋሕተርተር ዝብል ዘሎ ህዝብን ተቓዋሚ ውድባትን ብኻልእ ሸነኽ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኣብ ቀዳማይ ደረጃ፡ ንመሰረታቱ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ብምስራዕ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጐድኒ መደብ ዕዮ ኪዳንን ሕንጻጻትቱን ደው ክብል ንምብቃዕን፤ ብድሕሪኡ ድማ፡ ኣብ ጐድኒ'ቲ ኣንጻር ኩሉ ዓይነት በደላትን ጭቆናን ግህሰት መሰላት ወዲ ሰብን ዝካየድ ዘሎ ናይ ደቂሰባት ቃልስታት ደው ንኽብል ንምዕጋቡን ክቃለሱ ሓላፍነት ኣሰኪምዎም ኣሎ። ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ድማ፡ ሓደ ካብ'ቶም ቀንዲ ዓንድታት ናይ ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን ዝርከቡ ስርዓታት ኢዩ።